# ሓድነት ዝዓንቐፈን ዝደገፈን
# ኩሉ መምስ ስነዱ ተታሒዙ ኣሎ ኣየስክፍን ከኣ እዩ

<u>መልሲ</u> ን“ *እቶም ናይ ትማሊ ዕንቅፋት ምሕዝነት ዝነበሩ ሎሚ'ውን ዕንቅፋት ኪዳን ካብ ምኟን ድሕር ኣይብሉን”*

ቅድሚ ኣብ'ዚ ንእሽቶይ ሓሳብ ምግላጸይ ነዚ ጽሑፍ ዘቕረቡ ሰባት ወዲ ድዩ ወይ ስጓል፡ ወይን ማሕበር ውድብ ብፍሉይ ንስለ ዘይገልጽ ብሓፈሽኡ ክምለስ ዘገድድ ይመስል። እቲ መልእክቲ ካብ ግዱሳት ይብል፡ ግን ኣስማቶም ክገልጹ ዘይደልዩ ግዱሳት ኣለዉ ኣይብልን። ወይ'ውን እቲ ክመጾም ዝኽእል መልሲ ኣቀዲሞም ንስለ ዝፈልጡ ብስቱር ንምኻድ ዝመረጹ'ውን ክኾኑ ይኽእሉ። ግዱስ ዝተባህለ ልዕሊ ክዕቕቦ ዘለዎ ሃገራዊ ጉዳይ ሓድነት ዝትንከፍ ሽሙ ዘገድሶ እንተኾይኑስ ከምይ ቢሉ'ዩ ግዱስ ክበሃል። ኣድራሻን ተሓታቲ ዘይብሉ ሓሳብ ከመይ ቢሉ ብግዱሳት ዝነቐለ ክበሃል ዝኽእል።ስለ'ዚ ነቶም ግዱሳት በሃልቲ በዚ ዝስዕብ ሓሳበይ ከመሓላልፍ እፈቱ።

ኣብ ዘልዓልዎ ሕቶታት ርግጽኛታት፡ ዘይምኟኖም ዘብርህ ኣብ ቀንዲ ትሕዝቶ ከይኣተኻ፡ ሓደ ንምሕዝነት ዓንቃፊ ዝነበረ ውድብ ክብሉ ዘቕረብዎ ጭብጥን ሓተታን ኣብ ዘይምህላው፡ ሎሚ ድማ ዕንቅፋት <u>ካብ ምኟን ድሕር</u> ኣይብሉን !! ዝብል እዩ። ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ብመተከል ንዝተጻረሮ ጉዳይ እንተሃለዎ እዚን ከም'ዚን ቢልካ ምግላጽ ስለ ዘሎ ዕድል ዝተኸልኦም ኣይመስለንን። ከምኡ'ውን ኣሰራርሓ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ሚስጢር ኮይኑ ስለ ዘይፈልጥ ንማንም ብሩህ እዩ። ኣብ ሓድነት ዘለዎ ደገፍ ናይ መረጋገጺ ድማ ከይረብረበ ካብ ማንም ውድብ ንላዕሊ ነዚ ሓድነት ኪዳን ናይ ምዕቃቡ ተራ ማንም ኤርትራዊ ምኟኑ ቅድሚ ኣብ ዕላዊ ኣኼባ ምእታው ንህዝቢ ዛኣክል ዝተርፍ ምሕጽንታን ምብርባርን ኀስጓስን ከካይድ እንከሎ ካብ ስምዒት ብምርሓቕ ዓበይቲ ኣገደስቲ ሕቶታት ብምልዓልን ምንባሩ ቀለሙ ዘየነቐጸ እዩ።

ብመጀመሪያ ኣብ ኩሉ ዝዓበየን ዝነኣሰን ሓድነታዊ ባይታታት እቶም መሰረታት ዝኾኑ ይኩን ውድብ ኣብነት ምጥርናፍ ከርእዩን፡ ሓድነት ንቅድሚት ንምድፋእ ገሊጾምን ኣነጺሮምን ተራታቶም ክጻወቱ ዝለዓል ሕቶ ኣቃሊልካ ክረአ ኣይክእልን እዩ። ኣብ መሰረታትን ታሕተዋይ ጽፍሒ ክረአ ዘለዎ ሓባርዊ ኣሰራርሓ ነቲ ክብጻሕ ዝኽእል ዕላማ ብኩሉ መዳይ ክሕግዝ'ውን ስለ ዝኽእል።

ይኹን'ምበር ኣብ'ዚ ሕጂ ተላዒሉ ዘሎ ወቐሳ እቲ ኣርእስቲ ካብ'ቲ ትሕዝቶ ንስለ ዝዓብን፡ ዝተመዛበዐ ፍርዲ ሓደኣዊ ወጽዓ ዘቋመተ፡ ብቕዓት ዘለዎ ክሲ'ውን ስለ ዘይኮነ፡ ብዙሓት ሕቶታት ከልዕል ስለ ዝኽእልን፡ ካልኣይ ድማ ኩሉ ቦታታት ነናይ ባዕሉ ዞባዊ ሽግራት ስለ ዘለዎ እቲ ጉዳይ ቀሪብካ ምርኣዩ ኣገዳሲ'ዩ። <u>ጥብቆ 1 ርአ</u>።

ቅድም ቀዳድም ጉዳይ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንበይኑ ጥራሕ ብምልዓል ዘይተቐባልነት ክረክብ ዘኽእለሉ ነዊሕ መርትዖታት ክቀርብ ንስለ ዝኽእል። ካልኣይ እቲ ሕቶ ምስ ዝለዓለ ዓላማታት ውድብ ምስ ዞባዊ ፈስታት ምድብላቕ ወ.ዘ.ተ። ብዝኾነ ይኹይኑ ግን እቲ ጉዳይ ብዙሕ ንስለ ዝተዘርበሉ ሎሚ ምዝራብ ዘድሊ ኣይመስለንን።

<u>ጥብቆ 1</u>

**እቶም ናይ ትማሊ ዕንቅፋት ምህዝነት ዝነበሩ**
**ሎሚውን ዕንቅፋት ኪዳን ካብ ምኻን ድሕር ኣይብሉን**

ህዝቢ ኤርትራ ንድሕሪት ካብ ዝንቱዎ ነገራት ዕላውያን ጸላእቱ ስለ ዘይፈልጥ ኣይኮነን፡ እንታይ,ድኣ እቲ ህዝቢ ድጉላት ጸላእቱ ስለ ዘይፈልጥ ጥራይ እዩ እቲ ሽግር። ካብዚ ብምንቃል እንበኣር እቶም ትማሊ ንምሕዝነት ኣይንደልዮን ምስ ምሕዝነት ምስራሕ ውድንካ ምጥፋእ እዩ ዝበሉ ኣባላት ተ.ሐ.ኤ. ሰውራዊ-ባይቶ ብተግባር ኣብ ቅድሚ ደላይ ምጥርናፍ ዝኾነ ህዝብና ምስ ኪዳን ብሓባር ኣይነብዕልን ክብሉ ንኻላኣይ ግዜ በዓል ነጻነት ንበይኖም ኣብ ቱፒንገን ዝበሃል ከባቢ እሽቱት,ጋርድ ክብዕሉ ይሻባሸቡ ኣለው። ከም ዝዝከር ኣብዚ ዓመት,ዚ ኣብ ዓለም-ለኻዊ በዓል ዲ.ኣንስቶ ዓለምን ዝኸሪ-በዓል ቶንርባን እውን ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኩሎም ተቓወምቲ ዘለውዎ ናይ ሓባር በዓል ንምግባር ተነጊሮም ከብቅዑ ኣቐዲምና ንኣባላትና ኣፍሊጥና ስለ ዝጸናሕና በይንና ኤና ንገብሮ ኢሎም ኣብ ፍራን-ፈርት ዝርከብ ክለቦም ተፈልዮም ኣብዒሎም።ነዚ ጌሮም ትም ኣይበሉን ቀጺሎም ጌና ልዕሊ ክልተ ወርሒ ምስ ተረፎ በዓል ነጻነት እውን ኣብ ቱፒንገን ንበይኖም ክብዕሉ ኣብ ኢንተርነት ምስ ኣውጽኡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ መሰረታት ኪዳንን፥ ኣባላት ሲቢክ ማሕበራትን ተብግሶ ወሲዶም ብሓንሳብ ነብዕሎ ክብሉ ሽምግ- ልና ተታሓሓዝዎ። እዙይ ምስ ተሰምዔ ኣብ ከባቢ ፍራንክ-ፈርት ዝቕመጡ መሰረታት ኪዳንን ኣባላት ሲቭክ ማሕበራትን እውን ተመሳሳሊ ተበግሶ ወሲዶም ነቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ መሰረታት ሰ.ባይቶ ንኻልኣይ ግዜ ተማሳሳሊ ጌጋ ከይፍጽም ኣብ ደቡብ ዝርከቡ ብጾቶም ተወኪሶም ክቕይርዎ ሓተቱ። ኣብዚ ዝመጸ ኣገራሚ ጉዳይ ተልዩ እዚ ብላዕሊ ዝተወሰነ ካብ ላኣለዋይ መሪሕነት ዝመጸ ትእዛዝ እዩ።እቲ ሽግር ግን ሽግር ናይ ገንዘብ እዩ, እቲ ገዛውን ብነዊሕ ዝሓዝናዮ ገንዘብ ዝኸፈሎ እዩ ክብሉ መለሹ።

ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ልፍንቲ ዝነበሮ ዕቃበታት እንታይ ምንባሩ ንህዝብን ዓለምን ፈተውትን ጸላእትን ንጹር ብምንባሩ ሕጂ እንሀለካ ደኣሲ ኣብ ትሑት ደረጃ ሕቶ ማለት ኣብ ምስንዳእ በዓል-ነጻነት ዞባዊ ማሕበራት ወሪድካ ንሙሉእ ሰውራዊ ባይቶ ኣሰራርሕኡ ክትኩንን ኣይግባእን ኣይከኣል'ውን። ይኹን'ምበር ንመሪሕነት ውድብ ይኹን ንካልኦት ወገናት ምሕጽንታ ክቀርብን ዘይክእል ኣይኮነን።

ግዱሳት፣

ልፍንቲ ባዕሉ ድኽመታቱ ብዕሊ ንዓለም ጸብጺቡ ዘቅረበ፣ ንሻብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ንምድላው ብኽንደይ ሓጎጽጎጽ ዝሓለፎ፣ ናይ ባዕሉ ሽግር ዝነበሮ ብኣባላት ውድባት ከይተረፈ ህሉው ሰነዳት ክቀርበሉ ዝኽእል ምኳኑ ፍሉጥ ክነሱ፣ ንኣባላት ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ምኽሳስ ናይ ግዜ መድረኻዊ ኩነታት ብግቡእ ዘይምዛንን ዘይምግምጋምን ምንባሩን ክነብረክም ዝኽእል ህጽረት ሓበሬታ ጥራሕ እዩ ዘመልክት። ሎሚ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ካልእ ደረጃ ዕብየት ውድቡን ብማዕረ ድማ ዕብየት ደለይቲ ስኒት ፍትሕን ይጽዕርን ይቃለስን ከም ዘሎ ምፍላጥ ተደላይነት ኣለዎ።

ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ኲናማ ኤርትራ፥ ኣብ ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ 2004 ዘውጽኦ መግለጺ፥ ድሕሪ 31 ነሓሰ 2004 ምትእኽኻብ 4+1 **ብተወልደ ገብረስላሴን ብጾቱን ማለት ኣብ ሃገራዊ ምሕዝነት ዝተረፉ ዝሃብዎ ጸብጻብ ምንባብ** ካብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ወጻኢ ዝኾነ ሚዛን ብምንባብ ጉዳይ ተ.ሓ.ኤ ኣብ ልፍንቲ ናይ ምስራሕን ዘይምስራሕን ጉዳይ ብተወሳኺ ክንጸረኩም ይኽእል። ካብኡ ሓሊፉ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንጉዳያቱ ጠበቓን ተሓልቃን ወይ ዘራዪ ዘየድልዮ፥ዕላማታቱን ኣነኢሩ ናይ ምቕማጥ ታሪኻዊ ግድነት ዘለዎ ምኳኑ ዝፈልጥ ንዕኡ ማለት ንታሪኻዊ ግቡኡ ኣብ ውሳኔ ንምብጻሕ ዓቕምን ንቕሓትን ዝወነነ ተኽእሎ ዘለዎ ውድብ እዩ።

ኣነ ኣንቶንዮ ተስፋይ ካብ ስቶክሆልም ሽወደን ነዚ ጽሑፍን ሓሳብን ከስፍር ዝገደደኒ ጭቡጥ ነገራት፥ብፍላይ ኣብ ርእሰይ ዝወረደ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ግዱሳት ነቢብክምዎ ክትኾኑ ተስፋይ እገብር። ይኹን'ምበር ነቲ ኩነታት ብዝርዝር ድሕሪ ጸብጻብ ንህዝቢ ምቕራብይ፣ ነቶም ነዚ ሽርክነት ዝፈጠሩ ሰባትን ውድባቶምን ምስ ካልእ ጉዳይ ሓድነት ኣዛሚደ ሚዛነይ ንውሽጢ ዝገበርክዎ ደኣ'ምበር ንመላእ ውድቦም ኣሰራርሕኦም ከምኡ'ዩ ቢለ ክጽሕፍን ክፈርድን ዘየገደደኒ ምኽንያት ብዙሓት ብጾቶም ጸረ'ቲ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ምንባሮም ስለ ዝፈልጥ እየ። <u>ነዚ ብዝምልከት ኣብ 29 መስከረም 2004 ኣብ መስከረምን ንሓርነት.ኮም ክተንብብ ይከኣል።</u>

ካልእ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ሓድነት ዘለዎ ነቕ ዘይብል መተከላዊ ዕላማ፡ ብክፍሊ ዕዮ ዜናን ባህልን ውድብ ገቢሩ ንኩሉ ኤርትራዊ ብጽሑፍን ብመርበብ ሓበሬታን ኣብ ገገዝኡ ከብጻሓሉ ብምኽኣሉ ኣብ ሓድነት ዘለዎ ኣረኣእያ ብሓደ ጉጅለ ከተምዝኖ ምፍታን ኣይከኣልን። ኣብኡ ዘሎ ሽግራት ድማ ብቀረባ እቶም ሰባት ንስለ ዝፈልጡ እቲ ጽሑፍ ብፍላይ ነቶም ዝምልከቶም ናይ ዞባ ሓለፍቲ ክቀርብ ይግባእ።

ግዱሳት፡ ኣብ ልዕሊ ሰውራዊ ባይቶ ዝተፈጸመ ጸረ ሓድነታዊ ወስታታት ንናይ ምንጻሉ ዝተኻየደ ወፈራታት ደኒንኩም ኣሕሊፍክምዎ፡ ሎሚ ሰውራዊ ባይቶ ምስ'ቶም ብኽድዓትን፡ ብምንብርኻኽን፡ ብጽገናን ዝኸስዎ ዝነበሩ ውድባት፡ ምስ'ቶም ካብ ልፍንቲ ንምስንባቱ ዘቃላጠፉ ውድባት ኮፍ ቢሉ ክዛተ ምኽኣሉ ብሓቂ ነፍሰ ተኣማንነት ዘለዎ መሰረታትን ውድብን'ዩ ክብል እኽእል።

ንትምክሕቲ ዘይኮነስ ብተራ ኣዘራርባ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ህዝቢ ኤርትራ ንምድሓን ዘለዎ እጃም ክገብሮ ዘለዎ መባእታዊ ስርዒታዊ ቅርጻን፡ መተከልን፡ ብዘለዎ ትሕዝቶ ውድብ ነፍሱ ሰሪዑ ክኸይድ ዘኽእሎ መደብ ዝሕንጽጽ ካብ ማንም ውደብ ብቁጠባዊ ትሕዝቶ ንንምጉልባት ዝላፈኖ ውድብ ከም ዘየሎ ክንጸር ይግባእ። እቲ ውድብ ብዘለዎ ትሕዝቶ ብደገፍ ኣባላቱ ብውሕሉል ንውሑድ ክንዲ ብዙሕ ዝገብር መደብ ዝሰርዐ እዩ። እምበር ሰውራዊ ባይቶ ብዘጋጠሞ ምፍንጫል ቆርዩን ነዲዩን ከም ዝወጸ ብፍላይ ንዞባ ጀርመን ዝተሓብኤ'ዩ ኣይብልን።

ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ዘለዎ ኣብ መተከሉ ዝጸንዐ መሰረታት ኣብ ቀጻልነቱ ዘየጠራጥር ሙኩር ውድብ ብምዃኑ ብሰንኮፍ ኣተሓሳስባ ንምህሳዩን ምቁጻዩን ዝካየድ ወፈኣራ ዘይከኣል ሕልምን ፈተነን እዩ።

ኣካይዳ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ቅድሚ ሕጂ፡ ሎሚ ዝተቐየረ ሓንቲ የብሉን። ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ውሽጢ ውድቡን፡ ካብ ውድቡ ወጻእን ብልዑል ኣኽብሮ ኣብ ማዕርነት ዝትከለ ሰማዒ እዝኒ ዘለዎ ውድብ'ዩ።

ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መሰረታትን መራሕቱ ዘሎ እምነት፡ ብነጻነትን ሓደ ኮይንካ ወይ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ዝብል እዩ። እዚ ድማ እቲ ውድብ ብዕጫ ዝተዓደሎ መተከላዊ ጸጋ ንስለ ዘይኮነ ምስኡ ነባሪ እዩ።

ቤት ጽሕፈት ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንጉዳይ ኤትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ ኩሉ ዝርከበሉ ዞባታት ብዝለዓለ ደረጃ ክስርሓሉ መልእክቱ ዘመሓላለፈ ውድብ ምዃኑ ምፍላጡ ኣገዳሲ'ዩ።

ልዑል ተጋዳስነት ሰኒት ሰውራዊ ባይቶ ድማ ካብ ካልኦት ውድባት ብፍሉይ ኣብ ክንዲ ዝምጎሰሉ፡ ከም ዘውቕሶን ከም ዘንቕፎን ኣብ ተመክሮ ዝሓለፎ ብምዃኑ ዘገርም ኣይኮነን።

እቲ ዝገርም ነገር እንተሎ እዚ ሎሚ ሰውራዊ ባይቶ ዝኸሰሰሉ ዘሎ፡ ኣባላት ካልኦት ውድባት ካብ ናይ ሓባር ሽማግለ ተሓቢኦም ንበይኖም ፈስታት ኣብ ምክያድ፡ ብዕለት 20 ታሕሳስ 2004 ኣብ ንመስከረምን ሓርነትን.ኮም ዘመሓላለፍክዎ ነቐፈታ ኘኽተንቡቡ እዕድመኩም። ነዚ እየ ድማ ሓደ ወገን ነቐፈታ ተቐርቡ ኣለኹም ዝበልክዎ።

ነቐፈታ ምቕራብኩም ጽቡቕ'ዩ። ሓበሬታ'ኳ ተለዋዊጥና፣ ግን ቅኑዕን ሚዛናውን ክኸውን ህዝቢ ክቕበሎ ድማ እቶም ካብ ሰውራዊ ባይቶ ወጻኢ ዘለዉ ውድባት ነፍሶም ርእይ ከብሉን ክነቕፉን ግቡእ እመስለኒ።

ካልእ'ውን ወዮ ደኣ ኣብ መስርሕ ዘሎን ንምእንቲ ክብሪ እቲ ውድባት ክሕለፍ ዘለዎ ጉዳይ ኮይኑ'ምበር ዘየዛርብ ኣሎ ማለት ኣይኮነን።

ሓባርዊ ስራሓት ይደንፍዕ
22 ሚያዝያ 2005

ኣንቶንዮ ተስፋይ